## ሰሚናር ኣባላት ሰ.ህ.ኤ ኣብ ስካንዲናቪያን ብዓወት ተዛዚሙ

**ክፍሊ ዜናን ባህልን**
**ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ**
**20 ሰነ 2009**

እቲ ካብ ነዊሕ ዓመታት ኣትሒዙ ከም ባህሊ ንስርሓቱ ዝግምግመሉ ናይ መጻኢ መደባት ዝትልመሉ ዓመታዊ ሰሚናር ስካንዲናቪያን፡ ሎሚ'ውን ድሕሪ ምምስራት ሰልፊ ብዕለት 20 ሰነ 2009 ኣብ ከተማ ዮንሾፒንግ ዕዉት ዝኾነ በዅሪ ሰሚናር ናይ ሰልፉ ኣካይዱ።

ብጻይ ነጋሲ ሓምደ ነቶም ካብ ደንማርክን ኖርወይን፡ ከምኡ ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት ሽወደን ካብ ርሑቕ ተጓዒዞም ዝመጹ ተሳተፍቲ ሰሚናር እንቋዕ ደሓን መጻኹም ሰላምታ ድሕሪ ምቕራብ ሰሚናር ልክዕ ሰዓት 10 ቅድሚ ቀትሪ ጀሚሩ ንሸሞንተ ሰዓት ቀጺሉ።

ኣብ'ዚ በዅሪ ሰሚናር ክልተ ኣባላት ሰክረታሪያት፡ ስርዒታዊ ጉዳይ ሓላፊ ኣማኑኤል ሃብተን፡ ገንዘባዊ ጉዳያት ሓላፊ ብርሃነ ተስፋጋብር፡ ከምኡ'ውን ሓሙሽተ ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ብጻይ ተኽለ መለኪን፡ ብጸይቲ ገርጊሽ ነጋሽ፡ ብጻይ ኣንቶንዮ ተስፋይ ብጻይ ሓይለኣብ ዓንዱን ዝተረኽበሉ ተኻይዱ።

ሰሚናር ኣባላት ሰ.ህ.ኤ ስካንዲናቪያን <u>ሓድነት ደምበ ተቃውሞ ውድቐት ህ.ግ.ዲ.ፍ ድሕነት ህዝብና'ዩ !</u> ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ፡ ነቶም ብሕድሪ ዝተቀበሎም ክቡር ለበዋ ስውኣት ንምትግባር፡ ብሰንኪ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ህዝብናን ሃገርናን በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ከቢድ ፖለቲካዊ፡ ምጣነ ሃብታዊ፡ ማሕበራውን፡ ዲፕሎማሲያውን ቅልውላዋት ንኽድሕኖ፡ በቲ ዘይሕለል ቀጻልነት ንቕሑን ግሉጽን፡ ቅዋማውን ሕጋውን ቃልሱ፡ ይጽንሓለይ ዘይብለሉ ታሪኻዊ ሓላፍነቱ ወሲዱ፡ ክሳብ ሙሉእን ውሑስን፡ ሰላም ምርግጋእን ዝረጋገጽ ከኣ ቀጻልነቱ ኣመስኪሩ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ታሪኽ ምሕደራ ዝሓለፉ ባዕዳውያን መግዛእቲ ርእይዎም ዘይፈልጥ፡ ብሕሰም ናብራ መወዳደሪ ዘይብሎም፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እንዳኸፍአ ዝመጽእ ዘሎ፡ ኣካላውን ስነ ኣእምራውን ስቕያታት፡ ገደብ ዘይብሉ ኣብ ልዕሊኡ ናይ ዝፍጸሙ ዘለዉ ዘይፍትሓዊ ኣረሜናዊ ተግባራት መድረኽ ክኸትም ተሳተፍቲ ሰሚናር ኣባላት ሰ.ህ.ኤ ብተዓጻጻፊ ስራሓት ሰልፊ ብምዕማምን ንውሳኔታት ሰልፊ ህዝቢ ብግሉጽ ተግባራዊ ክኸውን ከም ዘለዎ ርእዮም።

ብጻይ ኣማኑኤል ሃብተ ብህሉው ኩነታት ህዝብናን፡ ደምበ ተቃውሞን ሰፊሕ መግለጺ ድሕሪ ምሃብ፡ ንህዝብናን ሃገርናን ዘንጸላልዎ ሓደጋታት ንምቕንጣጥ፡ ኣገባብ ቃልስና እንታይ ክመስል ከም ዘለዎ ኣብ'ቲ ንሰሚናር ዝተቐረበ ኣጀንዳ ኣትዩ።

ብጻይ ማኑኤል ሃብተ ኣብ'ቲ ንሰሚናር ዘውረዶ ክትዕ፡ ብሰፊሕ ክትዕ ዝተኻየደሉን ጉዳይ ሰልፋዊ ቅዋም ትርጉሙን ኣተገባብርኡን'ዩ። ቅዋም ሰልፊ እቲ ንኩሉም ኣባላት ሰልፊ፡ መሪሕነት ይኹን መሰረታት ናይ ስራሕ ብጽሒታቶም ይኹን መሰሎምን ግቡኣቶም ብዝተነጸረ ዝመርሖም'ዩ። ይኹን'ምበር ቅዋም ንበይኑ ከገልግል ስለ ዘይክእል፡ ኣብ መስርሕ ትግባረ ቅዋም ግሉጽነት ዘሰነዮ ኣካይዳ ክስራሕ'ውን ከም ዝግባእ ኣብሪሁ።

ካልእ ኣብ'ዚ ዘሎናዮ መድረኽ ዝተፈጸመ ኣገዳሲ ተረኽቦ ምጽንባር ሓደነት ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ጋሽ ሰቲትን፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ብዓብይ ሓላፍነት ተቀቢልና ክናብዮ ዘሎና ኣብ ቃልስና ናይ ሓድሽ ምዕራፍ ታሪኽ'ዩ ይብሉ፡ ካብኡ ብዘይንእስ'ውን እቲ ንወርሒ ታሕሳስ ዓብይ ትጽቢት ዝግበረሉ ሓድነታዊ ጉባኤ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን በጺሕዎ ዘሎ ምዕባለታት ገሊጹ።

ኣብ መንጎ ኣባላት ውድባት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ዝግበር ዘሎ ሓድነታዊ ጻዕሪ’ውን፡ ሓደ ካብ’ቶም ኤ.ዲ.ኪ ዝቆመሉም ዕላማታት ምቕርራብ ተቓወምቲ ውድባት ስለ ዝኾነ ኣውንታዊ ምዃኑ ገሊጹ።

ብጻይ ብርሃነ ተስፋጋብር ብወገኑ፡ ነዚ ኩሉ ኣብ ላዕሊ ዝተባህለ ስርሓት ሰልፊ ንምስልሳል ቀሊል ዘይኮነ ገንዘባዊ ዓቕሚ ከም ዘድሊ፡ ሰልፊ ውሳኔታቱ ኣብ ምትግባር ክሕይሉ ዘለዎም መዳያት ሙሉእ ጸብጻብ ኣቕሪቡ።

ንተሳተፍቲ ሰሚናር ነዊሕ ዝወሰደ ግዜ ናይ ሕቶ ርእይቶን ምሃብ ዕድል ተኸፊቱ ኩሉ ሓሳቡ ኣቕሪቡ። ጽቡቕ ምርድዳእ ዝዓሰሎ መንፈስ ከኣ ተዛዚሙ።